Skolverket Utbildningsinfo.se

Tigrinska, estetiska programmet

# ፕሮግራም ኤስተቲካ

ክእለት ፈጠራኻ ከተማዕብል ትደሊ’ዶ?
ናብ ስነጥበባዊ ሙያ ቀጻማይ ስጉምቲ ክትወስድ ትደሊ’ዶ?
ድሕሪ ላዕላይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ምውዳእካ፡ ትምህርቲ ክትቅጽል ትደሊ’ዶ?
ኣብ ኣገዳሲ ትብሎ ሙያ ዓሚቍ ፍልጠት ክህልወካ ትደሊ’ዶ?
ባህልን ስነ-ጥበብን ኣብ ህይወት ሰብ እንታይ ትርጉም ከምዝህብ ክትመሃር ትደሊ’ዶ?
እሞ ፕሮግራም ኤስተቲካ ምናልባት ይሰማምዓካ ይኸውን።

ኣብ ፕሮግራም ኤስተቲካ ኣተናትና ስነ-ጥበብን ባህልን ትመሃርን ትምኮርን። ናትካ ፈጠራዊ ጎድኒ ተማዕብል። ምናልባት ኣብ ንስኻ ኣገዳሲ’ዩ ትብሎ መዳይ ትምህርቲ ዓቢ ስጉምቲ ንቕድሚት ትወስድ ትኸውን። ግን ኣብዚ ኪዝከር ዚግብኦ፡ ፕሮግራም ኤስተቲካ ቀዳማይ ዕላምኡ ነቲ ስዒቡ ዝመጽእ ትምህርትኻ ከም እምኒ መሰረት ምንጻፍ’ዩ። ዳርጋ ሓደ ሲሶ ዚኾኑ ጥራይ’ዮም ኣብ መዳያት ስራሕ ስነ-ጥበብን ባህልን ዚኣትዉ። እንተኾነ ግን መብዛሕትኦም ፕሮግራም ኤስተቲካ ዝተማህሩ እቲ ዝቐሰምዎ ትምህርቲ ሓደ ክፋል ምዕባለ ውልቃዊ ህይወቶም ምንባሩ ይምስክሩ።

## ትምህርቲ ምቕጻልዶ ይሓይሽ ወይ ስራሕ ምጅማር

ኣብ መጻኢ እዋን እንተደኣ ብስነ-ጥበብን ባህልን ክትሰርሕ ድላይ ኣሎካ፡ ድሕሪ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ክትቅጽል ቅሩብ ክትከውን ኣሎካ። ነቲ ዚቕጽል ትምህርትኻ በቑዕ ክትከውን ኣየኖት ኮርሳት ክትወስድ ከም ዝግብኣካ ነማኻሪ ትምህርትን ሙያን ተወኪስካ ሕተት።

ኣብ መዳያት ትምህርቲ ስነ-ጥበብን ባህልን ዘይጥርነፉ ዓይነት ትምህርቲ’ውን ኣቲኻ ክትቅጽል ትኽእል ኢኻ። ድሕሪ ካልኣይ ደረጃ ትምህርትኻ ክትቅጽል ዘኽእሉ ዓይነት ኮርሳት መሪጽካ ተቐራረብ።

## ክትረኽቦ ትኽእል ዓይነት ስራሕ

ኤስተቲካዊ ኣንፈት ዘለዎም ስራሓት፡ ስእላዊ ኣቀራርጻ፡ ኢንዱስትሪያዊ ንድፊ፡ ኪኢላ ኣቀማምጣ ኣቑሑ፡ መምህር፡ መምህር ሳዕስዒት፡ ኪኢላ ሳዕስዒት፡ ተክንሻን ድምጺ፡ ዘማሪ (ቤተኽስያን)፡ መምህር ድራማ፡ ኪኢላ መድረኽ ይጥቀሱ። ነዞም ስራሓት’ዚኦም ክትረክብ፡ ድሕሪ ካልኣይ ደረጃ ትምህርትኻ ከተቅጽል ኣሎካ።

## ትሕዝቶ ፕሮግራም

ፕሮግራም ኤስተቲካ ዝተፈላለዩ ኮርሳት ዘጠቓለለ እዩ። ገለገለ ካብቶም ኮርሳት ኣብ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ንዝሳተፉ ተመሃሮ ግዴታውያን እዮም። ገለገለ ድማ ንፕሮግራም ኤስተቲካ ጥራይ ዝምልከቱ እዮም። ሒደት ኮርሳት ድማ ብድላይካ ይምረጹ።

ፕሮግራም ኤስተቲካ ኣርባዕተ ሃገር-ለኻውያን ኣንፈታት ኣለዋ። ስለዚ ኩሎም ኣብዛ ሃገር ፕሮግራም ኤስተቲካ ዚመሃሩ ኪመርጽወን ይኽእሉ ማለት’ዩ። ኣብ ገለገለ ቦታታት ንመደብካ ዝሰማምዑ ሓያለ ኣንፈታት ኪህልዉ ይኽእሉ እዮም። ነማኻሪ ትምህርትን ሞያን ተወከስ!

እተን ክልተ ሃገር-ለኻውያን ኣንፈታት፡

ስእልን ስነ-ቕርጽን - ኣብ መዳያት ስእልን ቅርጽን ሰፊሕን መሰረታውን ፍልጠት ይህብ

ሳዕስዒት - ልምምድ፡ ፈጠራዊ ክእለትን፡ ቲዮሪን መሰረት ብምግባር ብዛዕባ ሳዕስዒት ሓፈሻዊ ርድኢት ይህብ

ሙዚቃ - ኣብ ፍሉይ መሳርሒ ሙዚቃ ወይ ደርፌ ዕሙቕ ዝበለ ፍልጠት ይህብ

created using BCL easyPDF Printer Driver
Click here to purchase a license to remove this image

ትያትር - ኣብ መዳያት ትያትር ስፍሕ ትምህርቲ ዝበለ ይህብ፡ ብተወሳኺ'ውን ናብ ተዋስኦ ዘምርሕ ትምህርቲ ይህብ

## ሌላ ምስ ሞያዊ ናብራ

ኣብ ፕሮግራም ኤስተቲካ ኣብ ኣብያተ-ስራሕ ዝተወዘዐ ስልጠና (ኣፑ) የለን። ግን ሓደሓደ ኮርሳት ኣብ ትመሃረሉ ግዜ ኣብ ዝተፈላለዩ ኣብያተ-ስራሓት ክይበጻሕካ ኣይትተርፍን ኢኻ። እዚ ኸኣ በቲ ትወስዶ ኣንፈትን ብዝሕን ኮርሳት'ዩ ዚውሰን። ናትካ ዝንባለን ርክብ ሰብን'ውን ግደ ይጻወት'ዩ።

## መጻኢ ግዜን ስራሕን

ናብ ስነ-ጥበባዊ ወይ ባህላዊ ኣቢሉ ዘምርሕ ሞያ ክትረክብ ኣጸጋሚ ኪኸውን ይኽእል'ዩ፣ ዋላ'ኳ ድሕሪ ካልኣይ ደረጃ ልዑል ትምህርቲ እንተቐሰምካ። ሞያታት ኤስተቲካ እቶም ዝበዝሐ ሸቐለ-ኣልቦነት ዚረኣዩም ሞያታት'ዮም። ግን ፕሮግራም ኤስተቲካ እንዳተመሃርካ ፈጠራዊ ዕቑር ዓቕምኻን ርእሰ-ተኣማንነትካን ክተሐይል ትኽእል ኢኻ። እዚ ኸኣ ኣብ መጻኢ እዋን እንታይ ስራሕ ትረክብ ብዘየገድስ ምሳኻ ንሓዋሩ ዚጸንሕ'ዩ።

created using
BCL easyPDF
Printer Driver
Click here to purchase a license to remove this image